# ንጽናዕ ነዊሑና ኣይንበል

15.03.2018

ብበላይ መስፍን

ድላይና ረጊጾም ካብ ዓመጹ
ንዑ ንጸውዕ ሕጊ ዝሕንጽጹ
ከይነብር ህዝብና ተረጊጹ

እቶም ዝመጹ ተጸዊዖም
ድምጺ ህዝቢ ሰሚዖም
ክልግሱ ኢዮም ሞይኦም

ንዑ ንምሃር ካብ ጉዕዞ
ንጉዳይና ብዋዛ ኣይንሓዞ
ብሕሉፍ ጌጋና ኣይንቆንዞ

ዘለና ወለዶ ኢና ተኸሰስቲ
ንዑ ሕጂ ዝሓይሽ ንዘቲ
ከይጠፍኤት ንሓልዋ ርስቲ

ድሕርጂ ጌጋ ኣይንደጋግም
ከይበዝሕ ንኣና ዝረግም
ምግራህ ይኣክል ድሕሪ ደጊም

ቀዳማይ ሕቶና ሓያል ምእላይ
ካልኣይ ካኣ ቅኑዓት ምልላይ
ክህሉ ምሕደራ ዘይብሉ ኣፋላላይ

ሕጊ ካኣ ኣይቅይድን’ዩ ባዕሉ
ክትሰርሖ ከለኻ ኣስተብህለሉ
ናይ ሕጊ ኪኢላታት ጸውዓሉ

ብሕጊ ስለ ዘይተቓለስና
ኣብ በረኻ ተላሚዶምልና
ብዘይ ሕጊ ኣለው ይረግጹና

ነንዘስተውዓለ እናቓርደዱ
ብሕም ንዝበለ እናርዓዱ
ህዝቢና ብኦኦም ተቐይዱ

ብኸምኡ ካብ ተረፍና ድሕሪት
መተካእታ ካልእ ዘይንምስርት
ኣብ በለካ ለኽዓካ ካብ ንምርት

ብዙሕ ንዘይፈልጡ ግደፍዎም
ብትዕግስቲ መገዲ ኣርእዩዎም
ጠቕሚ ለውጢ ካኣ ሓብርዎም

ዘይፈልጥ እንተበለ ንሕና ንሱ
ከሲሩ እምበር ምኣስ ተኻሒሱ
ክትርእዩዎም ኢኹም ክጣዓሱ

ሓበሬታ ይደልዩ ኢዮም ዝልዓለ
ብቐሊል ኣይምለስን'ዩ ዝዘምበለ
ቀሪብኩም ሓብርዎም ነንዝጎደለ

ሓደ ከለና እኮ ኢዩ ክልተ ጌሩና
ካብ ሓንቲ ሰድራ ከምዘይተወለድና
ሎሚ ክንሓስቦ ብዙሕ ይገርመና

ካብ ዝጅመር ኣይተወድኤን ቃልሲ
ክሕሰብ ከሎ ኔሩ ሽግር መፈወሲ
መገዱ ኣልዩዎ ንጸጋም ቀላሲ

በዞም ሕጊ ዘይፈልጡ ጥራይ ጽልኢ
ኣብ ሽግር ወዲቑ ዘይብሉ መውጽኢ
ንዑ እክብ ኢልና ንድለ መዋጽኢ

ክብርን ዝኽርን ንሰውኣትና
ዓወት ድማ ነቲ ደም ዝነብዐ ዘሎ ህዝብና